

ምግዛር/ምጉልዳም

ብልዕቲ ጓል-ኣንስተይቲ

ኣብዚ ሓገዝ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ!

1177 VÅRDGUIDEN

REGION SÖRMLAND





ምግዛር/ምጕልዳም

ብልዕቲ ጓል-ኣንስተይቲ

ጾታዊ ብልዕትኺ ተገዚሩ (ተኸንሺቡ) እንተ ኾይኑ፥ ከጻግመከን ቃንዛ ኪገብረልከን ይኽእል'ዩ። ኣባና ሓገዝ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ!

ምግዛር ጓል-ኣንስተይቲ እንታይ እዩ?

ምግዛር ወይ ምኽንሻብ ጓል-ኣንስተይቲ ማለት፡ ነቲ ላዕለዋይ ክፋል ጾታዊ ኣካል ናይ ጓል-ኣንስተይቲ፥ ቆሪጽካ ወይ ጐልዲምካ ምስዳድ ማለት'ዩ።

ምግዛር ናይ ጓል-ኣንስተይቲ ብሕጊ ክልኩል'ዩ። ምግዛር ጓል-ኣንስተይቲን ከምኡ ንምፍጻሙ ኢልካ መደብ ምውጻእን ድማ ዘይሕጋዊ ተግባር'ዩ።

ምግዛር ብልዕቲ ጓል-ኣንስተይቲ እንታይ ሽግራት ከስዕብ ይኽእል?

እቶም ከጋጥሙ ዚኽእሉ ሽግራት፡ ከከምቲ ዓይነታት መግዘርቲ (ኣከናሽባ)፡ ክፈላለዩ ይኽእሉ እዮም። እንተ ደኣ ተገዚርኪ፡ ገለ ካብቶም ከጋጥሙኺ ዚኽእሉ ሽግራት እዞም ዚስዕቡ'ዮም፡-

- ሽንትኺ ንምኽዓው ጊዜ ስለ ዚወስድ፥ ክትጻገሚ ወይ ክትቅንዘዊ ትኽእሊ። ንኣብነት ሽንትኺ ትኒን ኢሉ ንኽይወጽእ ክትሽገሪን፥ ኣብ ክንድኡ ግን ሽንትኺ እናልሓኼ ከም ዚወጽእን ይኸውን።
- ኣብ መንጎቲ ናብ ሽቓቕ ትኸድሉ ጊዜታት ውን፥ ሽንቲ ኪመልቆኪ ይኽእል።
- ረኽሲ ናይ መገዲ-ሽንቲ ብተደጋጋሚ ከጋጥመኪ ይኽእል።
- ወርሓዊ ጽግያት ኪመጻኪ ኸሎ ክትቅንዘዊ ትኽእሊ።
- በቲ ኣብ ጉድበ ዚፍጠር በሰላ ክትሽገሪ ትኽእሊ።
- ንምሕጓስ ክትደርዝዮ ከሎኺ ውን፥ ኣብ ክንዲ ጽቡቕ ስምዒት ከቕንዝወኪ ይኽእል።
- ጾታዊ ርክብ ኣብ ትገብርሉ ድማ፡ ኣብ ክንዲ ጥዑም ስምዒት ቃንዛ ኪገብረልኪ ይኽእል።

ሓገዝ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ

እናተ ሽገርኪን እናተቕንዞኺን ምንባር ኣየድልየክን'ዩ። ሓገዝ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ። ንሱ ድማ ንኣብነት ናይ ምርመራ፣ ናይ ዝርርብ ወይ ናይ ምኽፋት መጥባሕቲ ሓገዝ ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

ናይ ዝርርብ ሓገዝ

ብዛዕባ'ቲ ዘሎኪ ስምዒታት ክትገልጺ፣ ምስ ሓንቲ ኣማኻሪት ክትዘራረቢ ትኽእሊ ኢኺ።

ናይ ምርመራ ሓገዝ

ናይ ጂኒኮሎጊ መጽናዕቲ ንምግባር ሓገዝ ክትረኽቢን፣ ከከምቲ ዘሎኪ ሽግራት ውን ምርመራ ኪግበረልኪን ይኽእል'ዩ።

ናይ ምኽፋት መጥባሕቲ ሓገዝ

እቲ ናይ ሕርምኺ ከፋት ጸቢብ እንተ ኾይኑ፣ ናይ ምኽፋት መጥባሕቲ ሓገዝ ውን ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ። ክሳዕ ክንደይ ኪኽፈት ከም ትደልይዮ ድማ፣ ምስታ ጂኒኮሎግ ብሓደ ኼንክን ትውስና።

እቲ መጥባሕቲ ነቲ ወርሓዊ ጽግያት ደም ብቐሊሉ ከም ዚወጽእን፣ ብቐሊሉ ክትሸንን፡ ጾታዊ ርክብ ክትገብሪን ዘኽእለኪ'ዩ። እቲ መጥባሕቲ ነቶም ናይ ቀደም ሽግራትኪ ከም ዚመሓየሹ ዚገብር'ዩ።

ንገለ ማይ ዝመልአ ከረጺታትን በሰላታትን ዚሰድድ መጥባሕቲ፣ ወይ ውን ንኣብነት ኣብ ጊዜ ሕርሲ ንዘጋጠመ መጕዳእቲ ኪሕግዝ ዚኽእል መጥባሕቲ ውን ኣሎ እዩ።

እቲ መጥባሕቲ ዳርጋ 15 ደቓይቕ'ዩ ዚወስድ

እቲ መጥባሕቲ፡ ብድሕሪ'ቲ ቀዳማይ ምብጻሕ ምግባር'ዩ ዚፍጸም። መጥባሕቲ ኪግበረልኪ ኸሎ ክነደቅሰኪ ኢና ወይ ካልእ መደንዘዚ ክንገብረልኪ ኢና። እቲ መጥባሕቲ ኣየቕንዙን'ዩ። እቲ ኣብ ሆስፒታል ትጸንሕዮ፣ ከም ልሙድ ሓደ ፍርቂ-መዓልቲ ኣቢሉ'ዩ።

ምሳና ርክብ ግበሪ

ካባና ሓገዝ ክትረኽቢ ኢኺ፣ ንኣብነት ምስዞም ዚስዕቡ ተራኽቢ፡-

- ምስታ ናትኪ ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ
- ናይ መንእሰያት መቐበል-ሕክምና
- ክሊኒክ ደቂ-ኣንስትዮ
- ናይ ኣዋላዲት መቐበል-ሕክምና
- ኣብቲ ናትኪ ማእከል ክንክን-ጥዕና

ኣብ 1177.se ኣቲኺ ብዝሰፍሐ ኣንበቢ።

1177 VÅRDGUIDEN

REGION SÖRMLAND

Kommunikationsstaben
20/01